# UNION OF TIGREANS IN NORTH AMERICA (UTNA)
# ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 749-8609
Fax. (202) 265-8703
www.utna.org

## እዋናዊ መግለፂ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

ማሕበርና ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ሰላም፣ ልምዓት፣ ፍትሒን ዲሞክርሲን ክሰፍን ምስ ካልኦት ምሓዙት ዲምክራሲያዊያን ሓይልታት ኮይኑ እናትቓለሰ መፂኡ እዩ። ብፍላይ ድማ ከም ተጋሩ ህዝብና ዘልዕሎም ሕቶታት ክምለሱ ኣብዘካየዶ ቃልሲ ኣብ ጎኑ ኮይንና ክንቃለስ ፀኒሕና ኢና። እነሆ ሎሚ ‘ውን ከም ወትሮና ህዝብና ብደረጃ ሃገር ይኹን ብክልል ኣብ ዝፍጠሩ ፀጋታት ተጠቃሚ ክኸውን፥ ካብ ዝፍጠሩ ዘለው ሓደጋታት ድማ ተጠቃዒ ንከይኸውን ዝገብሮ ዘሎ ኩለመዳይ ፃዕሪ እናተኸታትልና ንሕና ‘ውን ከም ተጋሩ ኣብ ጎድኑ ከምዘለና በዚ ኣጋጣሚ ክንገልፀሉ ንፈቱ።

ብደረጃ ሃገርና ተፈጢሮም ካብ ዘለዉ ዕድላት ፥ ርክብ ምስ ሃገረ ኤርትራን ብፍላይ ድማ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ክልቲኡ ህዝብና ኣዚና ነስትማቕሮን ንድግፎን ምኻና ኣብ እዋኑ ምግላፅና ዝዝክር ‘ዩ። ናይ ዲምክራሲ ምህዳር ክሰፍሕን ህዝቢና ኩሎም መማረፂታት ክቕርበሉን ናይ ፖለቲካ ኣፈላላይ ብሕጊን ብሰላም ጥራሕ ክተኣናገድ ተሓሲቡ ዝውሰድ ፃዕሪታት ንኣምነሉን ንስርሐሉን ጉዳይ ’ዩ። ኮታስ ምእንተ ረብሓ ህዝብና ዝተፈጠሩ ኩሎም ለውጥታት ናይ ህዝብና ፃዕሪ ተወሲኹዎ ዝተፈፀሙ እዮም ኢልና ስለ ንኣምን ንድግፎን ንሰርሐሉን ኢዩ።

ብተመሳሳሊ መገዲ ኩነታት ሃገረና እንትንግምግም ነቲ ተፈጢሩ ዘሉ ኩነታት ዘፀልምት ኣስጋኢ ኩንታት ይፍጠር ኣሎ ኢልና ንኣምን። ትምክሕቲ ሕዚ ‘ውን ስልጣን ብዓመፅ ንምሓዝ ብዘለዎ ድልየት ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክለዓል፥ ኣንፃር ስርዓት ክስለፍ ለይትን ቀትር ይፅዕር ኣሎ። ናይዚ ውፅኢት ኣብ መብዛሕቱ ክልላት ሃገርና ሓደ ብሄር ኣብ ልዕሊ ካሊእ ወገኑ ብሄር ተኮር ዝገበረ መጥቃዕቲ እንትፍጸም ንርኢ ኣለና። ናይ ዜጋታት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ተንቀሳቒስካ ናይ ምስራሕ ዜግነታዊን ሰብኣዊን መሰል

ይጥሓስ ኣሎ። ኣብ መንጎ ክልላት ዝነበረ ረኽቢ መገዲ ብምዕፃው ኣቢልካ ይቑረፅ ኣሎ። ከምዚ ዝበለ ኩነታት እንትፍጠር ቀልጢፍካ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ፌደራል መንግስቲ ስቕታ መሪጹ ኣሎ። እዚይ ማለት ፍታሕ እንተዘይረኺቡ ሃገርና ከም ሃገር ከይትቕፅል ኣስጋኢ ኩነታት ስለ ዝፈጥር እዚ ኩነታት ብቕልጡፍ ክልወጥ ማሕበርና ይጽውዕ።

ካሊእ ብደረጃ ሃገር ተስፋሕፊሑ ዝፀንሐ ግዕዝይና ንምቅላስ ዝተጠርጠሩ ዓበይቲ ናይ መንግስቲ ኣካላትን ውልቀ ሰባትን ናብ ሕጊ ምቕራብ ኣመልኪቱ ዝውሰዶ ዘሎ ስጉምቲ ፖለቲካዊ መበገሲ ዘለዎ ኣብ ልዕሊ ሓደ ክልልን ህዝብን ዘነጻጸረ እዩ ኢልና ንወስዶ። ከምኡ ‘ውን መንግስቲ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል ዝፈፀሙ ኣካላት ናብ ፍርዲ ምቕራብ ኣመልኪቱ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ ‘ውን ብተመሳሳሊ መገዲ ናይ ወጻእ ሓይሊ ኢድ ኣእታዊነት ዝተረአየሉን ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ዝሓዘ ኮይኑ ረኺብናዮ። ምኽንያቱ ድማ፣ ኩሎም ብግዕዝይናን ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰልን ዝተጠርጣሩ ኣካላት ብሄርን ከባቢን ከይፈለኻ ንኩሎም ብማዕረ ብዝርኢ መገዲ ብሕጊ ክፍጸም፥ ካብ ሓደ ሓደ ጊዜያዊ ናይ ፖለቲካ ረብሓ ንምርካብ ተባሂሉ ናይ ሓደ ወገን ድምፂ ብዘቃልሕ ሚድያ ዝግበር ላዕልን ታሕትን ዘሕፍርን ልዕልና ሕጊ ዝጠሓሰን ኮይኑ ረኺብናዮ።
ነዚ ድማ ህዝብና ኣስሊፍና ከም ቀደምና ስጢምና ከም ማሕበር ክንቀለሶ ምኳና በዚ ኣጋጣሚ ክንገልፅ ንፈቱ።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ሕዚ ስዓት መንግስቲ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ክቃለስ እኳ እንተበለ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታ ኢትዮጵያ ዝኸፈአ ዓዲ ከፍርስ ዝኽእል ግህሰት ሰብኣዊ መሰል፣ ምምዝባልን ሞትን ዜጋታት ብፍላይ ኣብ ክልል ኣምሓራ ተወለድቲ ትግራይን ቅማንትን ጥቕዓት ተፈጺምዎም ናብ ጎረቤት ሃገር ተሰዲዶም፤ ምዕናውን ምኽታርን ዜጋታት ሪሂጾም ዘፍረየዎ ንብረት መዓልታዊ ፈጻመ ኮይኑ ኣሎ። ብሓፈሻ ሃገር ስርዓት ኣልቦ ዝኾነትሉ፤ ዘይሓጋዊ ኣጽዋር ብሰፊሕ ናብ ሃገር ዝኣትወሉ፣ ክቡር ሰብ ኣብ ኣደባባይ ብእምኒ ተቐጥቂጡ ዝቕተለሉ፣ ንብረት ነጋዶ መንገዲ ዓጺኻ ዝኽተረሉ ኩነታት ተፈጢሩ ልዕልና ሕጊ መሰረት ተገይሩ ነዘጥፍኡ ኣብ ዘይሕተትሉ ልዕልና ሕጊ ክነኽብር ብዝብል መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ሓደ ክልልን ብሄርን ጥራይ ዘነጻጸረ ስጉምቲ ምውሳዱ ኣትሪርና ንኾንኖ።

ብኻሊእ ወገን ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገርና እንትንግምግም ሓደጋን ዕድልን ዝሓዘ ኮይኑ ረኺብናዮ ኣለና። ልዕል ኢና ከም ዝገለጽናዮ፣ ብመዳይ ሰላምን ሕውነትን ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ካብዚ ተፈጢሩ ዘሎ ኣጋጣሚ ተጠቃሚ ንክኾኑ ኣብ ዝገብሮ ፃዕሪ ኣጃምና ክነበርክት ኣብ ምርብራብ ንርከብ። ብተወሳኺ ኣብ ህዝብናን ሃገርናን ኣንፀላልዩ ዘሎ ሓደጋ ትምክሕቲ ብዝሓበረ ናይ ህዝቢታት ቃልሲ ክምከትን ህዝብና ኣብ ሓድጋ ከይወድቕን ኣንፈታት ኣብ ምቕማጥ ንሰርሕ ኣለና። ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፀም ዘሎ መንነት መሰረት ዝገበረ ኩለ መዳያዊ መጥቃዕቲ ኣትሪርና ንኹንኖን ንቃወሞን ምኳኑ እናገለፅና መንግስቲ ቅልጡፍ ፍታሕ ክገብረሉን

ጠጠው ክብሎን ማሕበርና በዚ ኣጋጣሚ ይሓትት።  ህዝብና ‘ውን ኣብ ልዕሊ ኡ ኣንጸላልይዎ ዘሎ ሓድጋ ብውነ ተገንዚቡ ክምክት ዝኾነ ሓይሊ ከየሰኮኖ ከም ቀደሙ ብትረት ዓዱ ክሕልውን ሓድነቱ ከሰጥምን ጻዊዕትና ነቕርብ። ከም ማሕበር ኣብ ጎኑ ተሰሊፍና ከምዘለና ድማ ክነረጋግፅሉ ንፈቱ።

ኣብ መወዳእታ ህዝብና ካብዚ ተፈጢሩ ዘሎ ፈታኒ ኩነታት ክወፅእ በቲ ሒዝዎ ዘሎ መገዲ ስዒሩን ተዓዊቱን ብሰላም ዝነብረላ ሃገር ክሳብ ዝፍጠር፣ ማሕበርና ትምክሕቲ ፈጢርዎ ዘሎ ሓደጋ ንምፍሻል ምስ ኩሎም ኣብ ከባቢና ዝርክቡ ጸረ ትምክሕት ዲሞክራሲያዊን ሓይልታት ከምኡ ‘ውን ዓለም ለኻዊ፣ ናይ ሃገረ ኣሜሪካን ካናዳን መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ሓቢርና ክንሰርሕ ናይ ኩሉ ጊዜ ድልውነትና ኣብ ቦትኡ ዘሎ ምዃኑ ነረጋግጽ። ነዚ ናይ ምትሕብባር ግንባር ኣጠናኺርና ከም እንቕፅለሉ በዚ ኣጋጣሚ ንሕብር።

ዓወት ኣንጻር ኩሎም ተጻብኦታት ንእነካይዶ ቃልስና!
ዘልኣለማዊ ክብሪን ሞጎስን ንሰማእታትና!

ማእኸላይ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ
19 ኖቬምበር 2018